Tigrinya

# ደም መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ግበር

## ቀሊል መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ግበር፡ ንዅልና ዝሓሸ ስለዝኾነ።



ደም መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ንምግባር፡ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ክመጸካ እዩ። ከም ትምርመር ግበር። ምምርማር፡ ንዓኻን ንኣብ ከባቢኻ ዘለውን ኣገዳሲ ስለዝኾነ።




ኣብ ትካል ኼ ኼ ደ (GGD)፡ ሓኪም እንቋዕ ደሓን መጻኻ ብምባል ትቕበለካ። መርመራ ንምግባር ዝተላእከልካ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ነታ ሓኪም ተረክባ።



እታ ሓኪም ኣብቲ ናይ ጥዕና መሕትት ዘሎ ሕቶታት ኣብ ምብራህን ምምላስን ትተሓባበረካ። ብተወሳኺ ብዛዕባ እቲ ዝግበር መርመራ ደም ሕማም ዓባይ ሰዓል መብርሂ ትህበካ።



እታ ሓኪም ብናኣሽቱ ናይ መርመራ መትሓዚ ደም ትወስድ።



እታ ሓኪም ጥቕላል ጡጥ ወይ ሻሽ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአ ክፋል ትሸፍነልካ።



መርመራኻ ኣብዚ ትዛዝም። በዚ መርመራ፡ ሕማም ዓባይ ሰዓል ከም ዘተለኽፍካን ዘይተለኽፍካን ከነረጋግጽ ንኽእል። ውጽኢት ናይቲ ዝገበርካዮ መርመራ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ክለኣኸልካ እዩ።

KNCV TUBERCULOSISFOUNDATION
To eliminate TB